TIGRINJA



# ብደሓን ምጹ ናብ ቈልዑን ትምህርትን

Skellefteå kommun

## ሽለፍተዮ ኮሙን

ሽለፍተዮ ኮሙን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሽወደን ኣብ ገማግም ኖርላንድ ትርከብ። እዚ ኮሙን ኣስታት 72 000 ዚኾኑ ተቐማጦ ኣሎውዎ። ኣብዚ ኮሙን፡ ብግምት ካብ 70 ሃገራት ዝመጹ ሰባት ኣለዉ። ናብዚ ኮሙን፡ ብመኪና፡ ብኣውቶቡስ፡ ብባቡርን ነፋሪትን ምምጻእ ይከኣል። ናብ ስቶክሆልም ንምብራር ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ይወስድ። ሽለፍተዮ ኮሙን፡ ነቶም ኣብዚ ነዊሕ ዝተቐመጡን ንሓደስቲ ዝመጹን ብዙሕ ዕድላት የበርክት።




**ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ መርበብና ኣንብብ**

ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ክፋላት መንሹር ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኮሙን www.skelleftea.se/skola እቶ።



## መዋእለ-ህጻናት

መዋእለ-ህጻናት: ነቶም ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ: እም ወለዶም ዚሰርሑ: ዚመሃሩ: ዕረፍቲ ወላዲ ዘሎዎም ወይ ስራሕ ዘናድዩ እንተ ኾይኖም: ዚመሃሩሉ ትምህርታዊ ንጥፈት'ዩ።
ኣብ መዋእለ-ህጻናት: ብመሰረት እቶም ኣብ መርሃ-ትምህርቲ ዘለዉ (Lpfö 98/10: ሕጊ ትምህርቲ) መምርሕታትን ዕላማታትን ተኸቲሎም: ትምህርቲ ቈልዑ ምትብባዕ ዝተልእኮኦም መምህራንን ኣለይቲ ቈልዑን ይሰርሑ። ቤት ትምህርቲ መዋእለ-ህጻናት: እቲ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ሸወደን ፋልማይ ደረጃ ዚሕዝ'ዩ።

### ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት

ከም ኣማራጺ ንመዋእለ-ህጻናት ወይ ማእከል ትርፊ-ግዜ (ፍሪቲድስ): ኣብ ሓደ-ሓደ ቦታታት ትምህርታዊ ክንክን (Pedagogisk omsorg) ይወሃብ። ትምህርታዊ ክንክን ማለት ቈልዑ ኣብ ገዛ ሰራሕተኛታት ዚእለዩሉ ንጥፈት (ስድራቤታዊ መዋእለ-ህጻናት ተባሂሉ ብልሙድ ዚፍለጥ) ማለት'ዩ። ትምህርታዊ ክንክን ኣብ ሓደ ፍሉይ ህንጻ'ውን ኪካየድ ይኽእል'ዩ። ኣብ መርሀ-ትምህርቲ መዋእለ-ህጻናት ዘለዉ ክብርታት ንትምህርታዊ ክንክን'ውን ይምልከቱ'ዮም። መርሀ-ትምህርቲ መዋእለ-ህጻናት ሓባሪ ንጥፈት'ዩ። ሸለፍተዮ ኮሙን: ኣብ ሸለፍተዮ ዚርከባ ሰለስተ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ዘይምችእ ሰዓታት ስራሕ ንንጥፈት ዕድል ይህብ'ዩ። ምሸትን ለይትን ዚሰርሑ ወለዲ: ኣብ ዘይምችእ ሰዓታት ስራሕ ንጥፈት ኪግበር ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም። ካብ ሰዓት 19.00 - 06.00 ከምኡ'ውን ኣብ ቀዳመ-ሰንበት።

### ህዝባዊ መዋእለ-ህጻናት

ቈልዑ ካብታ ሰለስተ ዓመት ዚመልኡላ ዓመት ዘላ መንፈቕ ቀውዒ ኣትሒዞም: ዕድል ህዝባዊ መዋእለ-ህጻናት ኪረኽቡ መሰል ኣሎዎም። ኣብታ ዓመት'ቲኣ ካብ ባሕቲ መስከረም ጀሚሩ ህዝባዊ መዋእለ-ህጻናት ካብ ክፍሊት ናጻ ኪኾውን'ዩ። ህዝባዊ መዋእለ-ህጻናት 525 ሰዓታት ኣብ ዓመት የጠቓልል።

እዚ: ኣብቲ ዘሎ ንጥፈት ሸለፍተዮ ኮሙን 15 ሰዓታት/ንሰሙን ማለት'ዩ። ህዝባዊ መዋእለ-ህጻናት ብቐንዱ ናይ ቤት ትምህርቲ መናፍቕ ትምህርቲ ይኽተል። እዚ ማለት ከኣ: ኣብ ዕረፍቲ(ዕረፍቲ ልደት: ዕረፍቲ ክረምቲ (ስፖርትሎቭ): ዕረፍቲ ፋሲካን ዕረፍቲ ሓጋይን) እቲ ንጥፈት ጠጠው ይብል ማለት'ዩ።



**ቦታ ትምህርቲ ምሕታት**

ካብ ሓደ ዓመት ንንየው ዕድመ ዘሎዎም ቈልዑ: ንትምህርቲ ወይ ስራሕ ወለዶም ኣብ ግምት ብምእታው ወይ እቶም ቈልዑ ብምኽንያት ኵነታት ስድራኦም ከከም ኣድላይነቱ ወለዶም ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ኣብ ትምህርታዊ ንጥፈት ቦታ ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም። እቶም ስራሕ ዘናድዩ ወለዲ ወይ እቶም ብሕጊ ዕረፍቲ ወላዲ ንኽንክን ካልእ ቈልዓ ዕረፍቲ ዝወሰዱ: ካብታ ውላዶም ሓደ ዓመት ዚመልኣላ: ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ኣብ ትምህርታዊ ክንክን እንተ ወሓደ ንሰለስተ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ወይ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ቦታ ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም።

ሽለፍተዮ ኮሙን: እቲ ናይ ቦታ ሕቶ እንተ ደንጎኻ ካብቲ ዚድለ ዕለት ምደባ ሰለስተ ወርሒ ኣቐዲምካ እንተ ኣእቲኻዮ: ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ኣብ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ቦታ ክትረክብ ውሕስነት ይህበካ። እቲ ዚድለ መዓልቲ ምደባ: እቲ ናይ መላለዪ ዕለት ይኸውን። ማለት እቲ ቈልዓ እንተ ደንጎየ ምስ መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ዚላለየሉ ዕለት ማለት'ዩ። ቅድሚ ስራሕ/ትምህርቲ ምጅማርካ: (ንልልይ ቈልዓ) ኣብቲ ዚድለ ዕለት ምደባ ኣስታት ዓሰርተ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ሕሳብ ምእታው የድሊ።

ሕቶ ቦታ ኣብ ኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (e-tjänst) መዋእለ-ህጻናት: ማእከል ትርፊ-ግዜ (ፍሪቲድስ) ወይከኣ ብመሕተቲ ቅጥዒ (“Ansökan om plats i förskola, annan pedagogisk verksamhet eller fritidshem”) ይትግበር። ኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (e-tjänst) ክትጥቀም ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት “ኤ-ለጊቲማሹን” የድሊ።

ዚምላእ ቅጥዒ ከተምጽእ ወይ ካብ መቐበል ተገልገልቲ ኮሙን ብቑ. ስልኪ 0910-73 50 00 ቅጥዒ ክትእዝዝ'ውን ትኽእል ኢኻ። ነቶም ኣብ ደቆም ውልቃዊ መጕዚትነት ዘሎዎም ገዲፍካ: ክታም ክልቲኦም ወለዲ የድሊ። እቲ ቅጥዒ ናብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ይለኣኽ:- Skellefteå kommun, Trädgårdsgatan 6, 931 85 Skellefteå. ወይከኣ ኣብ መቐበል ዓማዊል ኣብ ስታድስሁሰት (Stadshuset) ይግደፍ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.skelleftea.se/minasidor ርአ።

**ቦታ ምግዳፍ**

ምግዳፍ ቦታ መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት: ቈልዓ ቅድሚ ምውድኡ እንተ ወሓደ ክልተ ወርሒ ኣቐዲምካ ተፍልጥ። ቈልዓ ኣዚሉ ክፍሊ ኪጅምር ከሎ: ወለዲ ኣብ ማእከል ትርፊ-ግዜ (ፍሪቲድስ) ቦታ እንተ ደልዮም: ነቲ ኣብ ኮሙናዊ መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ስነ-ትምህርታዊ ንጥፈት ዘሎዎም ቦታ ምርካብ ኣየድልዮምን'ዩ፤ ምኽንያቱ እዚ ብቐጥታ ስለ ዚትግበር። ዝተዋህበካ ቦታ መዋእለ-ህጻናት: ፍሪቲድስ ነታ “Uppsägning av plats i förskola, annan pedagogisk verksamhet eller fritidshem” እትበሃል ቅጥዒ ተጠቒምካ ብኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (ኤ-ሻንስት) ኢኻ ተረክብ።

ኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (e-tjänst) ክትጥቀም ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት "ኤ-ለጊቲማሹን" የድሊ። ቅጥዒ ክተምጽእ ወይ ካብ መቐበል ዓማዊል ኮሙን ብቐ. ስልኪ. 0910-73 50 00 ቅጥዒ ክትእዝዝ'ውን ትኽእል ኢኻ። ነቶም ኣብ ደቆም ውልቃዊ መጉዚትነት ዘሎዎም ገዲፍካ: ክታም ክልቲኦም ወለዲ የድሊ። እቲ ቅጥዒ ናብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ይለኣኽ:- Skellefteå kommun, Trädgårdsgatan 6, 931 85 Skellefteå ወይከኣ ኣብ መቐበል ዓማዊል ኣብ ስታድስሁሰት (Stadshuset) ይግደፍ።

## ክፍሊታት

ሸለፍተዮ ኮሙን: ክልተ ደረጃ ዘሎዎ ልዑል ክፍሊት ይጥቀም። ንሓደ ቦታ መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ሕራይ ኢልካ እንተ ተቐቢልካ ናይ ምሉእ ዓመት ክፍሊት ትኸፍል። ድሕሪ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ናይ ዓሰርተ መዓልቲ ልልይ: ውሱን ክፍሊት ምኽፋል ይጅመር። ክፍሊት መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ዚውሰነሎም ረቛሕታት:

- ናይቲ ገዛ ምሉእ እቶት ኣብ ወርሒ
- ናይ ቈልዓ ወይ ቈልዑ ሰሌዳ ጊዜ (ሸማ)
- ኣብ ትምህርታዊ ንጥፈት ዝተመደቡ ቈልዑ - ክፉል እቶት

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.skelleftea.se/skola ኣንብብ።

## ብዙራትን ዕረፍትን

ሕማም: ዕረፍቲ ሓጋይ: ዕረፍቲ ልደት: ክረምታዊ ዕረፍቲ (ስፖርትሎቭ): ዕረፍቲ ፋሲካን ዝተረፉ መዓልታት ዕረፍትን ንመዋእለ-ህጻናት ወይ ንኻልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ብቐጥታ ይሕበሩ። ብምኽንያት ነቡር ዕረፍቲ ዚስዕብ ንኩይ መዓልቲ ተሳትፎ ንኽፍሊት ኣይጸልዎን'ዩ። ወላዲ ኣብ ዕረፍቲ ስራሕ ወይ ካልእ ዓይነት ዕረፍቲ (ንኣብነት ፍለክስቲድ: ኮምፐለዲግሄት: ፍቓድ) ከሎ: ቈልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ካልእ ትምህርታዊ ንጥፈት ኪጸንሑ መሰል የብሎምን።

## ኮሚቴ መዋእለ-ህጻናት

ኣብ መዋእለ-ህጻናትወለድን ሰራሕተኛታትን ዚውከሉሉ ኮሚቴ መዋእለ-ህጻናት ኣሎ። ኣብዚ ኮሚቴ ኣባል ኮይንካ ክትጸሉ ድላይ እንተሎካ: ምስ ሓላፊ መዋእለ-ህጻናት ርክብ ግበር።





# ቤት ትምህርቲ መባእታ

### ኣዚሎ ክፍሊ

ኵላቶም ተመሃሮ: ካብታ 6 ዓመት ዚመልኡላ ግዜ ኣትሒዞም ትምህርቲ ኣዚሎ ኪጅምሩ ይኽእሉ'ዮም። ትምህርቲ ኣዚሎ ካብ ክፍሊት ናጻ'ዩ፤ 20 ሰዓታት/ ንሰሙን ከኣ የጠቓልል።

### ቤት ትምህርቲ መባእታ

ኣብዚ ን9 ዓመት ዚቕጽል ትምህርቲ መባእታ: ሓደ ቈልዓ ካብታ 7 ዓመት ዝመልኣላ ዘላ ወርሒ ነሃሰ ኣትሒዙ ቀዳማይ ኢሉ ይጅምር። ግቡእ ትምህርቲ ኣብ መላእ ሃገር ይሰርሕ፤ ማለት ኵላቶም ቈልዑን መንእሰያትን ሽወደን ኪመሃሩ ኣሎዎም ዚብል መምርሒ። ውላድካ ካብ 6ይ ዓመቱ ኣትሒዙ ኣብ ኣዚሎ ክፍሊ ኪመሃር ድላይ እንተሎካ: ኣብቲ ውላድካ ኪመሃረሉ እትደልዮ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ዳይረክተር ኬድካ ሕቶ ተእቱ። ትምህርቲ ምምሃር ገንዘብ ኣይክፈሎን'ዩ። መምሃሪ መጻሕፍትን ምሳሕን ብናጻ'ዩ።

### Grundsärskola

ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ኪመሃር መሰል ዘሎዎ ቈልዓ: ብመሰረት መርሃ-ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ መባእታ: ኣብቲ ዚቕመጠሉ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ኪቕጽል መሰል ኣሎዎ። እቲ ተመሃራይ ኣብ ናይቲ ከባቢ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ኪመሃር'ውን ይኽእል'ዩ።

### ማእከል ትርፊ-ግዜ

ወለዲ ናይቶም ካብ ኣዚሎ ክፍሊ ዚጅምሩ ተመሃሮ: ንዘሎዎም ስራሕ ወይ ትምህርቲ ኣብ ግምት ዘእቱ ወይ ብምኽንያት ኵነታት ስድራ ተመሃራይ ናቱ ፍሉይ ጠለብ እንተሎዎ: ከከም ኣድላይነቱ ቦታ ማእከል ትርፊ-ግዜ (ፍሪቲድስ) ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም። ስራሕ ዘናድዩ ወይ ብመሰረት ሕጊ ዕረፍቲ ወላዲ ንኽንክን ካልእ ቈልዓ ዕረፍቲ ዘሎዎም ወለዲ: ካብ ምብቃዕ መዓልታዊ ትምህርቲ ክሳዕ ሰዓት 15.30 ናይ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ቦታ ፍሪድቲድስ ኪሓቱ ይኽእሉ'ዮም። እዚ ነቶም ካብ ኣዚሎ ክፍሊ ክሳዕ 3ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ተመሃሮ ይምልከት።

ዝተዋህበካ ቦታ ፍሪቲድስ ንምብቃዕ: ተመሃራይ ቅድሚ ምውድኡ ክልተ ወርሒ ኣቐዲምካ ኢኻ ተፍልጥ። ኣብቲ ናይ ምብቃዕ ግዜ ክፍሊት ይኽፈል'ዩ። ተመሃራይ ቅድሚ ሓደ ጥቅምቲ ናብ ፍሪቲድስ እንተ ተመሊሱ: እሞ እቲ ምብቃዕ ቦታ ፍሪቲድስ ንወርሓት ሰነ-ሓምለ-ነሃሰ ዚምልከት እንተኾይኑ: ወላዲ ካብ ናይ ምኽፋል ሓላፍነቱ ናጻ ኣይከውንን'ዩ። ተመሃራይ ቀውዒ እንተ ተመሊሱ: ንምብቃዕ ቦታ ፍሪቲድስ ኣብ ሓጋይ ዚምልከት ዲሒሩ ዚመጽእ ክፍሊት ኣሎ።

ቦታ ምሕታት/ቦታ ምብቃዕ: ብኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (ኤ-ሻንስት) መዋእለ-ህጻናትን ማእከል ትርፊ-ግዜን (ፍሪቲድስ) ወይ ብቐጥዒ ይትግበር። ኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (e-tjänst) ክትጥቀም ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት “ኤ-ለጊቲማሹን” የድሊ።

### ምዕባለ ተመሃራይ

እንተ ወሓደ ሓንሳብ ኣብ መፋርቕ ዓመት ትምህርቲ: ተመሃራይ: ወለዲ ተመሃራይን መምህርን: ዘተ ምዕባለ (ኡትቨክሊንስሳምታል) የካይዱ። እቲ ዚግበር ዘተ: ንምዕባለ ትምህርቲ ተመሃራይን: ምስ መርሀ-ትምህርቲ: መደብ ትምህርትን ጠለብ ትምህርትን ዚዛመድ ማሕበራዊ ምዕባለኡን ዚምልከት'ዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ: ሓንሳብ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ: መምህር: ኣብቶም ነጥቢ ዘይወሃበሎም ክፍልታት ዘለዉ ተመሃሮ ዚምልከት ጽሑፋዊ ውልቃዊ መደብ ምዕባለ የውጽእ። ነቶም ካብ 6ይ-9ይ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ዚመሃሩ ተመሃሮ'ውን: ኣብቲ ነጥቢ ዘይወሃበሉ ኣጋጣሚ ከምዚ ዓይነት መደብ ሓንሳብ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ ይወጽእ።

### ነጥቢ

ሎሚ ካብ 6ይ-9ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ተመሃሮ ነጥቢ ይወስዱ። ነጥቢ ኣብ መወዳእታ ነፍሲወከፍ ሰመስተር፤ መዛዘሚ ነጥቢ 9ይ ክፍሊ ከኣ ኣብ ወቕቲ ጽድያ ይወሃብ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ: ጠለብ ወላዲ እንተኾይኑ: ካብ 6ይ ክሳዕ 9ይ ኣብ ኵሉ ዓይነት ትምህርቲ ነጥቢ ይወሃብ።

### ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ: ወለድን ሰራሕተኛታትን ዚውክሉሉ ኮሚቴ ኣሎ። ኣብዚ ኮሚቴ ኣባል ኮይንካ ክትጸሉ ድላይ እንተሎካ: ምስ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ርክብ ግበር።

### ብዙራትን ዕረፍትን

ውላድካ እንተ ሓሚሙ: ኣብ ኣገልግሎት ኤለክትሮኒክ (e-tjänst) ቤት ትምህርቲ መባእታ ብቐጥታ ተፍልጥ። ናብ ክፍሊ ተገልገልቲ (kundtjänst) ኮሙን ስልኪ ክትድውል'ውን ትኽእል ኢኻ። ሓበሬታ ሕማም ቅድሚ ምጅማሩ ብንጉሁኡ ይግበር።

## ንኹሉ ንጥፈታት ብማዕረ ዚምልከት

### ውሕስነታትት

ኵላቶም ኣብ መዋእለ-ህጻናት: ኣብ ስነ-ትምህርታዊ ክንክን: ኣብ ማእከል ትርፊ-ግዜ ዚመሃሩ ቈልዑ ውሑሳት'ዮም። ውሕስነት ኣብ ትርፊ-ግዜ'ውን ይሰርሕ'ዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.skelleftea.se/forsakringar ኣንብብ።

### ቋንቋ ኣደ

ተመሃሮ ኣብ መዋእለ-ህጻናትን ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ቋንቋ ኣዲኦምን ቋንቋ ሽወደንን ከማዕብሉ ዕድል ይወሃቦም። እቶም ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ተመሃሮ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ኪመሃሩ'ውን መሰል ኣሎዎም።

### ክፍሊ ጥዕና ቈልዑን ተመሃሮን

ክፍሊ ጥዕና ቈልዑን ተመሃሮን: ጥዕና ናይቶም ኣብ መዋእለ-ህጻናት: ኣብ ኣዚሎ ክፍሊ: ኣብ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ዘለዉ ቈልዑን ከምኡ'ውን ጥዕና ናይቶም ካብ 1ይ-9ይ ዚመሃሩ ኣብ ምትብባዕን ኣብ ምሕብሓብን ይሰርሕ። ንምዕባለ ፍልጠት ቈልዑን ተመሃሮን'ውን ኪድግፍ ይኽእል'ዩ።

2017

**www.skelleftea.se**